# መበል 27 ዓመት በዓል ናጽነት ኤርትራ ኣብ ከተማ ፍራንክፈርት ጀርመን ብዉዕዉዕ ሃገራዊ መንፈስ ተጸምቢሉ

መበል 27 ዓመት ጽምብል መዓልቲ ናጽነት ኤርትራ፡ ኣብ ከተማ ፍራንክፈርትን ጀርመን ቀዳም ዕለት 26 ግንቦት 2018 ብኣዝዩ ክብ ዝበለ መዓርግ፡ ኤርትራዊ ወኒን ስኒትን ዝዓሰሎ ኣገባብ ተባዒሉ።

ኣብ'ዚ „ራእይ ብዕዮ“ ኣብ ትሕቲ ዝብል ቴማ ብሃገራዊ ሽማግለ ከተማ ፍራንክፈርት ጽምብል ናጽነት ኤርትራ፡ ካብ 900 ሚእቲ ንላዕሊ ዝኾኑ ኤርትራውያን ወጻእተኛታትን ብብዝሒ መንእሰያትን ወከልቲ መንግስን ግንባርን፡ ሓለፍቲ ውዳበታትን ወከልቲ ሃማኖትን ከተማ ፍራንክፈርትን ከባቢኣን ተሳተፍዎ ዉዕዉዕ ሃገራዊ መንፈስ ዝዓሰሎ ጽምብል ብዓል ናጽነት ኤርትራ ተኻይዱ።

ቅድሚ እቲ መደብ ብወግዒ ምጅማሩ፡ ኣባላት ሃማድኤን ተሳቲፍቲ ኣዴታትን ብኸበሮን ቆጽልን ተዓጂበን እንዳ ደረፉ ናብቲ ኣዳራሽ ድሕሪ ምእታው፡ ህዝቢ ካብ መንበሩ ተሲኡ ድሕሪ ምቕባልን፡ ወናም ህብብቲ ስነ ጥበባዊት ሄለን መልሰ ነቲ ደርፈን „ዓደይ ዓዲ ሰውራ“ ብምሕዋስ ነቲ ኣዳራሽ ኣድሚቓቶ።

ወግዓዊ መደብ ጽምብል ብዝኽሪ ሰማእታትን ብተመሃሮ ናይ ኣርባዕተ ቋንቋ ኣደ ፍራንክፈርት፡ ተሰነየ ሃገራዊ መዝሙር ብድሕሪ ምኽፋት ቃል ሃገራዊ ሽማግለ ጸሓፊ ሃ/ሽ ኣቶ ብርሃነ ኣፈወርቂ፡ ኣብ ዘቐረቦ ህዝቢ ኤርትራ ነዚ ናይ 27 መኸተን ልምዓትን፡ ምስቲ ብረታዊ ቃልሲ ሓዊስካ ንስለ ናጽነቱን ክብረቱን ንኣስታት ሓደ ዘመን ከይተጸዓደ ከምዝበድሀን እዚ ብድሆ'ዚ ልምዓት ከምዝወለደን ገሊጹ፡

ስዒቡ ኣቦ መንበር ሃ/ሽማግለ ጀርመን ዶር ተስፋይ ዓብለሎም፡ ሃገርና ኤርትራ ካብና ኣብ ድያስፖራ እንነብር ኤርትራውያን ዜጋትት ከም 4ይ ግንባር እትጠልቦ ዕማማት ኣዝዩ ረዚንን ሓያል ከምዝኾነ ድሕሪ ምግላጽ፡ ምስ ናይ ሎሚ ዓመት ጭርሖ ብምትሓሓዝ፡ ንራኢ ሓድነት ስምረት ውህደት ዳግማይ ከነረጋግጽ ብውልቅን ብማሕበራትን ብትህግሃት እንተ ዓዩና፡ ንራኢ ምክብባር፡ ምምልላእ፡ ምትሕግጋዝ ስኒትን ብቕንዕናን እንት ዓዩና፡ ንራኢ ሕድሪ ጀጋኑ ወለድናን ኣያታትናን፡ ከምኡ'ውን ሕድሪ ክቡራ ሰማእታትን ንመንእሰያትን ደቅናን፡ ብግቡእ ከይተሓለልና ከነመሓላልፍ ዓዩና፡ ኤርትራ እቲ ኣብ ልዕሌና ጠሊባቶ ዘላ ኩሉ ከነማልኦ ከምእንእል ምንም ዘጠራጥር ከምዘይብሉ ገሊጹ።

ወግዓዊ መግለጺ ብዓል ናጽነት ብፈጻሚ ጉዳያት ኤምባሲ ኤርትራ ኣብ በርሊን ጀርመን፡ ኣቶ ዮሃንስ ወልዱን፡ ቀሪቡ። ኣቶ ዮውሃንስ ኣብቲ ረዚን መልእኽቲ ዕለተ ናጽነት ኣቶኪሩ ኣብ ዝገለጸሉ ሎሚ ኣብ ውሽጥን ኣብ ወጻኢን መበል 27 ዓመት ናጽነትን እንጽምብለሉ ንኹሉ ብድሆታት ሰጊርናን፡ ኣላሽ ኣቢልናን ናብ ብሩህ መጻኢ ተሰጋጊርና ኣብ ዘለናሉ እዋናት ይቃናዕ ምህላዉ ፍሉነት ኣለዎ በለ። መርኣያኡ ድማ እቲ መንግስታዊን ህዝብን ኣብ ፖለቲካውን ቁጠባዊን ዲፕሎማስያዊ ዝሰላሰልን ዝጭበጥ ዘሎ ዓወታት እዩ ክብል ንተሳተፍቲን ናይዚ ዕዉት መደብን ከምኡውን ኩሉ ኤርትራዊ ዜጋ ኣብ ሃ/ጀርመን ነዚ ክቡር

ዋጋ ረዚን መስዋእትነት ተከፍሎ ብዓል ናጽነት ዘኽብረን ዘኽብር ዘሎ ናይ ዮሃና መልክቲን ጽቡቅ ምንዮቱን ገለጸ።

ሓላፊ ህዝባውን ኮማውን ጉዳያት ኣብ ጀርመን ኣቶ ካሕሳይ ተወልደ ብወገኑ፡ ህዝቢ ኤርትራ ነቲ ዘይክኣል ዝመስል ዝነበረ ናጽነት ክውን ዝገበረ ሳላ ጽኑዕ ቃልሱን ሓድነቱን ጽንዓቱን ሓያል መኸተኡን ከምዝኾነ ድሕሪ ምግላጽ፡ እዚ ክብርታት እዚ ኣብ ምስራም ብልጽግቲ ሃገር'ውን ተኣምር ይሰርሕ ከምዘሎ፡ ናጽነት ኤርትራ ፍረ ስምሩን ውፉይን ቃልሲ ሓፋሽ ኮይኑ፡ ተኣምርን ቅያን ሰሪሑ ናጽነት ዘረጋገጸን ዘውሓስን ህዝቢ፡ብልጽግቲ ሓያል ሃገር ኣብ ምህናጽ ራእይ ግምባር ንምትግባር መንግስትን ህዝቢ ኤርትራን ኣብ ሓያል ስራሕ ይርከብ። ዓወትና ድማ ከምወትሩ ናይ ግድን እዩ። ኣብ ጀርመን እንነብር ሕብረተሰብውን መኸተና ብምሕያል ኣብ ሃገራዊ ህንጸትን ልምዓትን እጃምና ከነብርክት ድልዋት ንኹን ክብል፡ ንጽምብል በዓል ናጽነት ኣብ ፍራንክፈርት ክዉንን ምዕሩግን ዕዉትን ክኸውን ከይተሓለሉ ዓቢ ጻዕሪ ንዘካየዱ ልዑል ሞጎስ ኣቕረበ።

ንምሕያል ዲፕሎማስያዊ ርክባትብ ንጥፈታትን ኣብቲ ጽምብል ተዓደሙ ግዱሳትን ኣብ ጉዳይ ኤርትራ ዝነጥፉ ወጻእተኛታ ኣቶ ዩማስ መዶፍ ካብ ሰልፊ ወጻእተኛታት ፍራንክፈርትን፡ ኣቶ ሚካኤል በልትስ ምስ ምስ በዓልቲ ኤርካን ካብ ጀርመን-ኤርትራዊ ማሕበር፡ ወኪል ሓምላይ ሰልፊ ፍራንክፈርት ኣቶ ሸንደ ፤ ኣቶ ጌታቸው ጥይት ካብ ግምቦትገተን ኮይኖም፡ ምሕዝነታዊ ቃሎም ኣብ መድረኽ ወጺኦም ምስ ህዝብን መንግስትን ሃገረ ኤርትራ ዘለዎም ኣወንታዊ ተሞክሮን ፡ ዝምድናን ኣስሚዖም።

ባህላዊ መደብ ጀሚሩ፡ ስነ ጥባውያን ሄለስ መለስ፡ መስፍን ማዕበል፡ ዓብደልባሰጥ ፈሪጅ፡ ኤሪባንድ ተሰንዮም፡ ወኒን ፍናንን ህዝቢ ብምብራኽ፡ ናይ ኤርትራዊ ናይ ስምዒት ሓድነቱ ሰማይ ኣዕሪጎም። ኣብ መደምደምታ ተኻፈልቲ ብዓል ከም ወትሩ ብውህደትን ስኒትን ፍቕርን ብምድፍናቕን ብምፍልላይ ፡ ወግዓዊ ጽንብል ናጽነት ኤርትራ ኣብ ከተማ ፍራንክፈርት ብምዕሩግ ኣገባብን ብዉዕዉዕን ልዑል ሃገራዊ መንፈስ ተዛዚሙ።

“ራእይ ብዕዮ“

ዘለኣለማዊ ዝኽርን ክብረን ንሰማእታና !
ወትሩ ዓወት ንሓፋሽ!
ሃገራዊ ሽማግለ ከተማ ፍራንክፈርት